# ናብ ዋሽንግተን Apple Health እንቋዕ ብደሓን መፃእኹም

እዚ ማንዋል ዝወሃበኩም ዘሎ ኣብ Apple Health ናብዮት (AHFC) ኣብ ቀረባ እዋን ስለዝተመዝገብኩም እንትኸውን፣ ኣብ ናብዮት ዘለው ህፃናት ወይ ናይ መፅበይ ሓገዝ ኣገልግሎት ደገፍ ኣገልግሎትን ኣልሙኒ (ቅድሚ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ናብዮት ዝነበረ መንእሰይ) ሽፋን ይህብ፡፡*

ናይ ዋሽንግተን ሰበስልጣን ክንክን ጥዕና (HCA) AHFC ሓዊሱ ዋሽንግተን Apple Health የመሓድርን ከምኡ ድማ ሽፋን ንምሃብ ምስ ናይ ጥዕና ትልሚ ይወዓዓል፡፡ ኣብ ቀፃሊ ካብ ናይ ጥዕና ትልሚ ኣቕራቢኹም ናይ ኣባላት ማንዋል ክወሃበኩም እዩ፡፡ ብዛዕባ ናይ ሽፋን ጥቕምታትኩም ተወሳኺ ዝርዝር ይህብ፡፡

ዝሓሸ ክንክን ንምቕራብ፡ Apple Health ፎስተር ኬር መደብ ማነጅድ ክንክን ተባሂሉ ዝፅዋዕ ኣካላውን ባህርያዊ ጥዕና ኣገልግሎት የቕርብ፡፡ ምስ ማነጅድ ኬር፡ ማነጅድ ኬር ትልሚ የተሓባብርን ናይ ኣካላውን ባህርያዊ ጥዕና ኣገልግሎት ይኸፍል፡፡

## Apple Health ኣገልግሎታት

እዞም ዝስዕቡ ዝወሃቡ ኣገልግሎታት እዮም፡

- ምክልኻልን ጥዕና ኣገልግሎትን ብዘርኢ ዝመፁ ሕማማት ምሕካም ሓዊሱ ንዘድልዩ ክንክናት ምስ ሓኪም ቆፃሮ ምሓዝ፡፡
- ኣብ ሐደጋ እዋን ሕክምና
- ናይ ምርኣይን ኦራል ክንክን ሓዊሱ ናይ ህፃናት ሕክምና ኣገልግሎት
- ናይ ላብራቶሪ ኣገልግሎታት
- መድሓኒት ምእዛዝ
- ደቂስካ ምሕካም
- ተመላላሲ ሕክምና ኣገልግት
- ዳግመ ሕውየት ሕውየትን** ኣገልግሎትን መሳርሕታትን
- ናይ ኣእምሮ ጥዕና ኣገልግሎታት
- ናይ ኣዴታትን ዝውለዱ ህፃናት ክንክን

*እዚ ዝርዝር ንሓፈሻዊ መረዳእታ ጥራሕን AHFC እዞም ኣገልግሎታት ከም ዝሸፍን ኣየረጋግፅን፡፡*

ተወሳኺ ዝሸፈኑ ጥቕምታትን ኣገልግሎታትን ንምፍላጥ ካብ ጥዕና ትልምኹም ናይ ኣባላት ማንዋል ውሰዱ፡፡ እቲ እትደልይዎ ኣገልግሎት ተዘይተገሊፁ፣ ንክንክን ጥዕና ኣቕራቢኹም ወይ ናይ ጥዕና ትልምኹም ርኸቡ፡፡

## ናይ ጥዕና ትልምኹም

ሰበስልጣን ክንክን ጥዕና (HCA) ንዓኹም ሽፋን ንምሃብ ምስ እዞም ዝስዕቡ ናይ ጥዕና ትልሚ ትካላት ውዕሊ ኣለዎ፡

**Apple Health ቀንዲ መራኸቢ [ብዝተዋደደ ናይ ዋሽንግተን ክንክን(CC) ይመሓድ] 1-844-354-9876 ወይ ኦንላይን coordinatedcarehealth.com/members/foster-care.html**

ንገለገለ ኩነታት ኣብ ናይ ጥዕና ትልሚ እንክይተመዝገብኩም ናይ ጥዕና ክንክን ክትረኽቡ ትኽእሉ ኢኹም፡፡ ካብዞም ዝስዕቡ እቲ ሓደ ወይ ልዕሊኡ ዝምልከተኩም እንተድኣ ኮይኑ ናብ ክንክን ናብዮትን ኣዱብሽን ደገፍ ደውሉ፡፡ ንዓና ንምርካብ ናብ 1-800-562-3022 ኤክስቴንሽን 15480 ደውሉ።

- ካብ Apple Health ወፃኢ ወይ ንMedicare ብቑዕ እንተድኣ ኮይንኩምናይ ኢንሹራንስ ሽፋን፡፡
- **መንበሪ ገዛ ዘይብልካ፣** ኣብ መፅለሊ ትነብር ወይ ግዝያዊ ኣድራሻ ኣለካ፡፡
- **ህንድ ኣሜሪካዊ ወይ ኔቲቭ ኣላስካዊ ዲኻ፡፡** ብማነጅድ ኬር ትልሚ ኣቢልኩም ካብ ሽፋን ወፃእ መማረፂ ክትወስዱ ትኽእሉ ኢኹም፡፡
- **ክረጋገፅ ዝኽእል ኩነታት ኣለካ፣** ሓኪም ምቕየር ወይ ናይ ጥዕና ትልሚ ምቕየር ሕክምናኻ የቋርፅን ጥዕናኻ ኣብ ሰግኣት ከውድቐካ ይኽእል፡፡

### እዞም ዝስዕቡ ክትገብር ከለኻ ናይ ጥዕና ትልሚ ኣባላት ኣገልግሎት ቁፅሪ ርኸብ፡

- ምስ ናይ ጥዕና ትልሚ ፀገም እንተድኣ ኣለካ፡፡
- ቀዳማይ ደረጃ ክንክን ኣቕራቢ ክትረክብ እንተድኣ ደሊኻ፡፡
- ናይ ቀዳማይ ደረጃ ክንክን ኣቕራቢ (PCP) ክትልውጥ እንተድኣ ደሊኹም፡፡
- ናይ ጥዕና ትልሚ መለለይ መንነት እንተድኣ ጠፊኣካን ካልእ እንተድኣ ደሊኻ፡፡
- ፍሉይ ናይ ጥዕና ክንክን ድልየት ኣለካ (ወይ እቲ ህፃን ኣለዎ)፡፡
- ናይ ኣእምሮ ጥዕና ኣገልግሎት ክትረክብ እንተድኣ ደሊኻ፡፡

**ኣብ መላእ እዚ መረዳእታ ንቲ ጥቕምታት ዝረክብ ዘሎ ሰብ ንምግላፅ "ንስኻ" ዝብብል ቃል ንጥቀም፡፡ መብዛሕትኡ ግዘ ንቲ ጥቕሚ ዝቕበል ህፃን ሓላፍነት ዘለዎ ሰብ እዚ ማንዋል ከንብቦ ከም ዝኽእል ንርዳእ ኢና፡፡*

***ብቑዕ እንተድኣ ኮይንካ ናይ ጥዕና ትልምኻ ርኸብ፡፡*




## ናይ ኣገልግሎት ካርድኻ




መብዛሕትኦም ውልቀ ሰባት ኣብ ኣድራሽኦም ክልተ ካርድታት ይረኽቡ። እቲ ፈላማይ እቲ ዋሽንግተን Apple Health ሽፋን ትቅበል ስለዘለኻ ኣገልግሎት ካርድ እዩ። እቲ ሓድሽ ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም ክተንጥፍዎ ኣየድልየኩምን። HCA ቅድሚ እዚ ካርድ ምላእኹ ክሰርሕ ክገብሮ እዩ። ሕድሕድ ሰብ ክሳዕ ዕለተ ሞቱ ምስኡ ዝፀንሕ ዝተፈላለየ ናይ ProviderOne ዓሚል ቁፅሪ ኣለዎ።


ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም ዘካትቶ፡

- ProviderOne ID መለለይ ቁፅሪ
- ዝኣተወሉ ዕለት
- ProviderOne መርበብ ባይታ
- ዓማውል ኣገልግሎት መራኸቢ መረዳእታ

ኣብ ውሽጢ ክልተ ሰሙናት ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም ተዘይተቐቢልኩም፣ ብኽብረትኩም ናብ ክንክን ናብዮትን ኣዶብሽን ደገፍ ጉጅለ ርኸቡ። ንዓና ንምርካብ ናብ 1-800-562-3022 ኤክስቴንሽን 15480 ደውሉ።

እቲ ካልኣይ ካርድ ክንክንኹም ካብቲ ዘመሓድሮ ናይ ጥዕና ትልሚ ይመፅእ። AHFC ንምርካብ ብቑዕ ዝኾነ ሕድሕድ ኣባላት ስድራ ናይ ዓርሱ ኣገልግሎት ካርድ ክረክብ ብቑዕ እዩ። ሕድሕድ ሰብ ክሳዕ ዕለተ ሞቱ ምስኡ ዝፀንሕ ዝተፈላለየ ናይ ProviderOne ዓሚል ቁፅሪ ኣለዎ።

## ናይ AHFC (Apple Health ናብዮት) ጥዕና ትልሚ ካርድ




ኣብ Apple Health ድሕሪ ምምዝጋብኩም ድሕሪ ቅሩብ ሰሙናት ናይ ጥዕና ትልሚ መለለይ ካርድን ከምኡ ድማ ሓኪም ወይ ቀዳማይ ደረጃ ኣቕራቢ (PCP) ብኸመይ ከም እትመርፁ መረዳእታ ክወሃበኩም እዩ። ናይ ጥዕና ትልሚ ካርድኹም ኣብ ታሕቲ ከምቲ ዘሎ ይመስል። እዚ ካርድ እውን ኣቐምጥዎ! ናብ ሓኪም፣ ፋርማሲ ወይ ካልእ ናይ ጥዕና ክንክን ኣቕረብቲ ክትከዱ ከለኹም ክልቲኡ ናይ ኣገልግሎት ካርድን ናይ ጥዕና ትልምኹምን ሒዝኩም ክዱ። ብተወሳኺ እውን ናይ መለለይ መንነት ፎቶ ከድልየኩም እዩ።

### ProviderOne

ኣብ ናይ ኣገልግሎት ካርድኹም "ProviderOne" ዝብል ክትሪኡ ኢኹም። ProviderOne ናይ ጥዕና ትልሚ ዘዋድድን ኣብ ዝተፈላለዩ ግዘታት HCA መረዳእታ ዝልእኽ ናይ መረዳእታ ስርዓት እዩ። ኣብቲ ካርድ ዘሎ ቁፅሪ ናይ ProviderOne ናይ ዓሚል ቁፅርኹም እዩ።

## ካርድኻ ቅድሚ ምምፅኡ ሓኪም ወይ መድሓኒት እንተድኣ ደሊኻ

ካርድኻ ቅድሚ ምምፅኡ ናብ ዝኾነ ሓኪም ወይ መድሓኒት ክተምልእ እንተድኣ ደሊኻ ናብ ዝኾነ ናይ ጥዕና ትልሚ ውዕሊ ናብ ዘለዎ (ኔትዎርክ) ናይ ጥዕና ክሊኒካት ክትከይድ ወይ ናብ ፋርማሲ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። **ናይ ኣገልግሎት ካርድኻ ወይ ናይ ጥዕና ትልሚ መለለይ ካርድኻ ተዘይተቀቢልካ፣** ሓገዝ ንምርካብ ናይ ጥዕና ትልምኻ ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዝርከብ ቀዳማይ ደረጃ ተኸናኻኒኻ ንምርካብ እንተድኣ ደሊኻ ናብ ትልምኻ ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

ካርድኻ ቅድሚ ምምፅኡ ናብ ዝኾነ ሓኪም ወይ መድሓኒት ክተምልእ እንተድኣ ደሊኻ ናብ ዝኾነ ናይ ጥዕና ትልሚ ውዕሊ ናብ ዘለዎ (ኔትዎርክ) ናይ ጥዕና ክሊኒካት ክትከይድ ወይ ናብ ፋርማሲ ክትከይድ ትኽእል ኢኻ። ናይ ኣገልግሎት ካርድኻ ወይ ናይ ጥዕና ትልሚ መለለይ ካርድኻ ተዘይተቀቢልካ፣ ሓገዝ ንምርካብ ናይ ጥዕና ትልምኻ ክትድውል ትኽእል ኢኻ። ንኣብነት፡ ኣብ ከባቢኻ ምስ ዝርከብ ቀዳማይ ደረጃ ተኸናኻኒኻ ንምርካብ እንተድኣ ደሊኻ ናብ ትልምኻ ክትድውል ትኽእል ኢኻ።

## ቀዳማይ ደረጃ ናይ ክንክን ኣቕራቢ ምምራፅ

ቀዳማይ ደረጃ ክንክን ኣቕራቢ(PCP) ንምምራፅ፣ ብናይ ጥዕና ትልምኹም ዝተልኣኸልኩም መመርሒታት ተኸተሉ ወይ ናብ ጥዕና ትልሚ ኣገልግሎት ደውሉ። ብናይ ጥዕና ትልሚ መርበብ ሓበሬታ ኣቢልኩም PCP ክትመርፁ ትኽእሉ ኢኹም።

እትደልይዎ PCP እንተድኣ ኣለካ ወይ ዝሰማዕካዮ ክትሙክሮ እትደልዮ እንተድኣ ደሊኻ እቲ ኣቕራቢ ንምርካብ ክትሓቱ ትኽእሉ ኢኹም። እንተኾነ ግና PCP ናይ ጥዕና ትልሚ ኔትዎርክ ኣካል ክኸውን ይግባእ።

ጾታ እቲ ናትካ PCP እንታይ ኸከውን ከምዝትደሊ ክትሕብር ትኽእል ኢኻ። ናይካ ቋንቋ ዝዛረብ ኣቕራቢ፣ ኣብ ናይካ ስንክልና ስፔሻላይዝድ ዝገበረ ወይ ባህልኻ ዝርዳእ ኣቅራቢ ንምርካብ ክትሓትት ትኽእል ኢኻ።

PCP ምቕያር ዝህበካ ክኸውን ይግባእ። ብዝኾነ ምኽንያት ብ PCP ሕጉስ እንተዘይኮይንካ፣ ኣቕራቢ ንምቕያር ናብ ናይ ትልምኻ ኣባላት ኣገልግሎት መስመር ደውል።

## ቆፃሮ ብኸመይ ትሕዝ

PCP ድሕሪ ምምራፅኩም ቆፃሮ ንምሓዝ ደውሉ። ኣቕራቢ ንምርካብ ቆፃሮ ክትሕዙ ይግባእ። ህፁፅ ሕቶ ወይ ድልየት እንተድኣ ኣለኩም ኣብ ውሑድ መዓልትታት PCP ክትረኽብዎ ይግባእ።

ኣብ ውሽጢ ዝተመደቡን ዝወፁን ኩሎም ህጻናት/መናእሰይ ናብ ናብዮት፣ ኣዝማድ ወይ ምቹው ምደባ ድሕሪ ምእታዎም ኣብ ውሽጢ30 መዓልትታት ናይ EPSDT ምርመራ ክገብሩ ይግባእ። EPSDT ኣቐዲሙ ዝግበር ግዚኡ ዝሓለወ ምርመራን ሕክምና ምርመራ እዩ።

## ክንክን እንተድኣ ደሊኹም

| | |
|---|---|
| ዝተለመደ ክንክን | ምስ ናይ ቀዳማይ ደረጃ ኣቕራቢ (PCP) ቆፀሮ ምሓዝ። ኣብ ውሽጢ 10 መዓልትታት ምስ PCP ወይ ካልኦት ኣቐረብትኻ ቆፃሮ ክትሕዝ ኣለካ። |
| ናይ ምክልኻል ክንክን | ምስ PCP ወይ ካልኦት ኣቕረብቲ ቆፀሮ ምሓዝ። ኣብ ውሽጢ 30 መዓልትታት ቆፃሮ ክትረኅቡ ክትክእሉ ኣለኩም። |
| ካብ ስራሕ ሰዓት ወፃኢ ክንክን | ብመዓልቲ 24 ሰዓታትን ብሰሙን 7 መዓልትታት ናብ ናይ ጥዕና ትልሚ ነርስኹም ናይ ምኽሪ መስመር ደውሉ። |
| ንህፁፅ ክንክን | ምስ ናይ ጥዕና ትልምኹም ውዕሊ ናብ ዘለዎ ማእኸል ክንክን ከዱ ወይ ናብ PCP ወይ ናይ ነርስታት መማኸሪ መስመር ደውሉ። ኣብ ውሽጢ 24 ሰዓታት ናብ PCP ወይ ካልኦት ኣቕረብቲ ክትኸዱ ይግባእ። |
| ንናይ ሓደጋ እዋን ኣገልግሎታት | ናብ 911 ደውሉ ወይ ናይ ሓደጋ እዋን ኣቕረብቲ ክሕግዝኹም ናብ ዝኽእልሉ ኣብ ቀራባኹም ናብ ዝርከብ ከባቢ ከዱ። ብዝተኸኣለኩም ፍጥነት ፣ ንስኻ ዝፈልጠካ ሰብ ናብ PCP ወይ ናብ ጥዕና ትልምኹም እዚ ሓደጋ ሪፖርት ክትገብሩ ይግባእ።. |
| ካብ ገዛ ርሒቑ ንዝግበር ክንክን | ህፁፅ ሓደጋ እንተዘይኮይኑ፣ ናብ PCP ወይ ነርስታት ምኽሪ መስመር ደውሉ። |

# ናብዮት ንዝረኸቡን ናይ መዕበይ ደገፍ ኣገልገሎት ንዝረኣቡ ህፃናት ደገፍ

ናይ ምርዓም ሓገዝ ኣገልግሎታት ወይ ትረክብ ኣለኻ ዶ ወይ ኣሊሙኒ ውሽጢ ኣለኻዶ (ቅድሚ ሕጂ ኣብ ናብዮት ዝነበረ መናእሰይ)? ኣብ Apple Health ፎስተር ክንክን ማነጅድ ክንክን ትልሚ ክትምዝገቡ ኢኹም። ምስ ማነጅድ ኬር፡ ማነጅድ ኬር ትልሚ የተሓባብርን ናይ ኣካላውን ባህርያዊ ጥዕና ኣገልግሎት ይኸፍል። እዞም ኣገልግሎታት ናይ ኣእምሮ ጥዕናን መድሓኒት ብኣግባብ ናይ ዘይምጥቃም ፀገም ሕክምና ኣገልግሎት የካትት።

ትልሚ ክንክን ጥዕና Apple Health ፎስተር ኬር ዝምራሕ ውጥን ክንክን ጥዕናን ካልእ ኣብ ድሌታት ህፃናትን መንእሰያትን ኣብ መዕበዩ ህፃናትን ደገፊፍ ምውሳድን ከምኡ እውን ነባራት ተምሃሮ (ቅድሚ ሕጂ መዕበዩ ህፃናት ዝነበሩ) ዘተኮረ ኣገልግሎት የቕርብ።

እንተኾነ ግና፣ ብዘይ ማነጅድ ኬር ትልሚ (ብተወሳኺ ናፃ ኣገልግሎት ተባሂሉ ይፅዋዕ) ንናትኻ ናይ ጥዕና ሽፋን ናይ ምልዋጥ መማረፂ ኣለካ። እንተኾይኑ፣ ናይ ባህርያዊ ጥዕና ኣገልግሎት መማረፂ ኣለካ፡ ንኣገልግሎት ናይ ባህርያዊ ጥዕና (BHSO) ጥራሕ ዝምልኸቱ ትልሚታት ኣብ ናትኻ ካውንቲ ኣብ ገጽ 12 ክርኸብ ይኽእል።

እዚ ማንዋል ድሕሪ ምርኣይኩም ብዘይ ማነጅድ ኬር ትልሚ Apple Health ሽፋን ክትልውጥ እንተድኣ ወሲንካ ናብ ክንክን ናብዮትን ኣዶብሽን ደገፍ  ጉጅለ ብ 1-800-562-3022 ኤክስቴንሽን 15480 ደውሉ።



